ፈተና ብቕዓት

«ኣነ ከምዚ ዝተሓብኤ ዓሌታዊ ምድላው ዘሎ መሲሉ እዩ ዝሰምዓኒ። እዚ ቋንቋ ኣይክእልን እዩ ወይ ድማ ኣዘራርብኡ ከም ገለ እዩ፣ ስለዚ ብኡ ንብኡ እዚ ሰብ ክሓስብ ኣይክእልን እዩ፣ ኢሉም ብዙሓት ሰባት ይኣምኑ።» ***ራሻድ ካናዋቲ፣*** *ሶርያ*

«ነቲ ቋንቋ ክትክእሎ ኣለካ፣ ካልእ ዝሕግዝ ነገር የለን። ህያብ ዝህበካ የለን። ክትመሃሮ ግን ትኽእል ኢኻ። ብዙሕ ምንባብን ምስ ካልኦት ሰባት ድማ ምዝራብን።» ***ፖሪቲ ካናዋቲ፣*** *ህንዲ*

ቋንቋ - ንፈተና ብቕዓት መፍትሕ

ፈተና ብቕዓት ንኹሉ ማዕረ እዩ። ኣብ ስዊዘርላንድ ቤት ትምህርቲ ዝተማህረ ይኹን ወላ ኣብዚ ዓዲ ቅድሚ 2፣ 3 ዓመት መጺኡ ዝነብር፣ ፍልልይ የብሉን።

ነቲ ናይ ብቕዓት ፈተና፣ ቋንቋ ጽቡቕ ጌርካ ምምላኽ የድሊ እዩ። ንኹለን ዓውደ ትምህርታት ፍልጠት ቋንቋ የድልየኩም እዩ፣ ምኽንያቱ ድማ፣ ክትመልሱወን እንተ ደሊኹም፣ ነተን ሕቶታት ኣቐዲምኩም ክትርድኣወን ኣለኩም።

ንምሳለ:

ሕጊ ምምዝዛን

2 ተባዕትዮ ኣታኽልተኛታትን 1 ኣንስተይቲ ኣታኽልተኛን፣ ንሓደ ሜዳ ክፈናቐሉ 4 መዓልታት ይሰርሑ፣ ዕጽፊ ናይዚኦም ሰራሕተኛታት ነቲ መፈት እንተ ፈናቐሉ ክንደይ ጊዜ ይወስደሎም?

መልሲ: 2 ክልተ መዓልቲ


መሰረታዊ ሒሳብ

ሶንያን ላሪሳን ናይ ባንክ ኣካውንቶን የወዳድራ። ናይ ሶንያ መጠን ገንዘብ ብ 1'394 ፍራንክን ካብ ናይ ላሪሳ ይውሕድ። ላሪሳ 9'341 ፍራንክን ትውንን። ሶንያ ኣብ ባንክ ክንደይ ገንዘብ ኣለዋ?

መልሲ: 7'947 ፍራንክን

መሰረታዊ ሒሳብን ሎጂክን

ብባቡር ጌርኩም ካብ ሀ (ቀይሕ ነጥቢ) ናብ ለ (ሰማያዊ ንጥቢ) ትጉዓዙ። ንነፍሲ ወከፍ ክፍሊ መገዲ ካብ ካብ ሓደ መጸበዩ ክሳብ እቲ ዝቕጽል - ካብ ሓደ ነጥቢ ናብቲ ዝቕጽል - 1 ፍራንክን 80 ትኽፍሉ። ነየነይቲ መገዲ ትመርጹ ነቲ ቲኬትኩምክ ክንደይ ትኽፍሉ?



መልሲ: እቲ ዝቐልጠፈ መገዲ እቲ 2 ክፍሊ መገዲ ዘለዎ እዩ። ነቲ ቲኬት ድማ 3 ፍራንክን 60 እዩ ዝኽፈል።

ዝተጸናበረ ቁጽሪታት

ነተን ናይ መጀመርታ ጎደሎ ካልኤይቲ ከኣ ሙሉእ ዘለወን ቁጽርታት ምልከት ግበሩለን።

	32	23	44	51	62	74	80	15	92	14	27	18
መልሲ:	32	23	44	51	62	74	80	15	92	14	27	18

ቋንቋ

ነተን ሕቶታት ክትመልሱወን ምእንቲ፣ ነቲ ቋንቋ ክትርድኡዎ ኣለኩም። ካብኡ ዝብትርዕ ከኣ ናይ ቋንቋ ሕቶ ክኸውን ከሎ እዩ። ኣብዚ ነቲ ቋንቋ ክንዲ ምንታይ ከም ትርድኡዎ ጥራሕ ኣይኮነን ዝምዘን፣ እንታይ ደኣ ነቲ ቋንቋ ክንዲ ምንታይ ትጥቀምዎ እውን ይምዘን እዩ።

ኣወራርዳን ኣረባብሓን

ኣብቲ ባዶ ቦታ ትኽክለኛ ቃል ኣእትዉ.

ንሓደ ናይ ሙያ ትምህርቲ ልምዲ _____ እንተ ደሊኹም፣ _____ ሰነድ መመልከቲ ክህልወኩም ኣለዎ። ናይዚ ሰነድ መመልከቲ _____፣ ጽሑፍ መመልከቲ፣ ዝርዝር ተሞክሮ፣ ናይ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ምስክር ወረቐት፣ ጸብጻብ ናይ ምልላይ ሙያ ከምኡ ድማ ናይ ብቕዓት ፈተና ውጽኢት እዩ። ብዙሓት ትምህርቲ ልምዲ ዝህባ _____ ክውስና ከለዎ መጀመርታ ዘጻርያ፣ እቲ ሰነድ መመልከቲ _____ ክም ዝኾነ እዩ። ኣገደስቲ ዝኾና ዶኩሜንታት _____ እንተ ኮይነን፣ እቶም ሓለፍቲ ነቲ ሰነድ መመልከቲ ምስ መልሲ _____ መሊሶም ይሰዱ - ሕያዎት እንተኾይኖም - ነተን ጎዲለን _____ ዶኩሜንታት ንኽትሰዱ ይሕብሩኹም።

ትኽክለኛ መልሲ (እዚ ኣብዚ ተመሊኡ ዘሎ ንመላመዲ እዩ/ ብኽልኦት ትርጉም ዝህባ ቃላት እውን ክምላእ ይኽእል እዩ።)

ንሓደ ናይ ሙያ ትምህርቲ ልምዲ ክተመልከቱ እንተ ደሊኹም፣ ዝተጣልኤ ሰነድ መመልከቲ ክህልወኩም ኣለዎ። ናይዚ ሰነድ መመልከቲ ትሕዝቶ፣ ጽሑፍ መመልከቲ፣ ዝርዝር ተሞክሮ፣ ናይ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ምስክር ወረቐት፣ ጸብጻብ ናይ ምልላይ ሙያ ከምኡ ድማ ናይ ብቕዓት ፈተና ውጽኢት እዩ። ብዙሓት ትምህርቲ ልምዲ ዝህባ ትካላት ክውስና ከለዎ መጀመርታ ዘጻርያ፣ እቲ ሰነድ መመልከቲ ሙሉእ ክም ዝኾነ እዩ። ኣገደስቲ ዝኾና ዶኩሜንታት ዝጎደለ እንተ ኮይነን፣ እቶም ሓለፍቲ ነቲ ሰነድ መመልከቲ ምስ መልሲ ምንጻግ መሊሶም ይሰዱ - ሕያዎት እንተኾይኖም - ነተን ጎዲለን ዘለዎ ዶኩሜንታት ንኽትሰዱ ይሕብሩኹም።

ምስራዕ ዓረፍቲ ነገር

ኩለን እዘን ቃላት ኣእቲኹም ሙሉእ ዝኾነ ዓረፍቲ ነገር ስርሑ።

ቀልጢፍኩም - ሰነድ መመልከቲ - መጠን - ጎዲለን ዘለዎ - ብኽብረትኩም - ዶኩሜንታት - ኣብ - ስደዱልና - ብዝተኻእለኩም - ስደዱልና - ነተን

መልሲ: ብኽብረትኩም ነተን ኣብ ሰነድ መመልከቲ ጎዲለን ዘለዎ ዶኩሜንታት ብዝተኻእለኩም መጠን ቀልጢፍኩም ስደዱልና። .

ዓመታት ትምህርቲ - ጎዲለን - እንታይ - ሰለስተ - ዝሓለፋ - ስለዘለዎ - ናይ - ይሕሸኒ - ምስክር ወረቐት – እተን – ገበርኩ?

መልሲ: ናይ እተን ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ትምህርቲ ምስክር ወረቐት ጎዲለን ስለዘለዎ፣ እንታይ እንተ ገበርኩ ይሕሸኒ?

ንምንታይ - ዘይገበርኩም - ግለጹ - ምልላይ ሙያ - ክም - ጽሑፍ መመልከቲ - ኣብቲ - ክሳብ ሕጂ - እስኹም!

መልሲ: ኣብቲ ጽሑፍ መመልከቲ፣ ንምንታይ እስኹም ክሳብ ሕጂ ምልላይ ሙያ ክም ዘይገበርኩም ግለጹ!

ኣብዘን መስመራት ምስ እተን ዝተረፋ ዘይትሰማምዓ ኣየኖት ቃላት እየን?

መስመር 1:	ምጉያይ	ምኽያድ	ምንፋር	ዙረት	ምምራሽ
መስመር 2:	ዛን	ሮዛ	ኣልኡስ	ኮርችያ	ቀይሕ ጽሕዲ
መስመር 3:	ዝተደናገረ	ሕያዋይ	ጥዑም	ፍቁር	ማራኺ

መስመር 1:	ምጉያይ	ምኽያድ	ምንፋር	ዙረት	ምምራሽ
መስመር 2:	ዛን	ሮዛ	ኣልኡስ	ኮርችያ	ቀይሕ ጽሕዲ
መስመር 3:	ዝተደናገረ	ሕያዋይ	ጥዑም	ፍቁር	ማራኺ

ጽሑፍ ምርዳእ

ሚሪያም ቅሳነት ስኢና ኣላ። ቅድሚ ቁሩብ መዓልታት ሰነድ መመልከቲ ክትሰድድ ከላ ብዙሕ ተስፋ ጌራ ኔራ። እዚ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ትምነዮ እዩ። ነዚ ሙያ ድማ ኣጸቢቓ ብቕዕቲ ከም ዝኾነት ትፈልጥ እያ። ብዙሕ ድማ እያ ጽዒራ፣ ነዊሕ እዋን መጽናዕቲ ጌራ፣ ብዛዕባ እዚ ትካል ድማ ብዙሕ ነገር እያ ረኺባ። ነተን ዶኩሜንታታ ኩለን ስካን ጌራ ብሙሉኡ ብመገዲ ኤለክትሮኒክ እያ ናብ እቲ ትካል ሰዲዳ። ሕጂ ከኣ ከምዚ! እዚ ሓጺር ዝኾነ መልሲ ጥራሀ ብኢ-ሜል መጺኡዋ: «ብዙሕ መመልከቲ በጽዮና ስለዘሎ፣ ብኽብረትክን ቁሩብ ትዕግስቲ ንኽትገብራ ንምሕጸነክን።»

☐ ንሚርያም መንጸግቲ መጽይዋ።

☐ ንምርያም ብዙሓት መወዳድርቲ ኣለዋ።

☐ ሚሪያም ነቲ ቦታ ትምህርቲ ረኺባ።

☐ ሚርያም ነቲ ዝርዝር ተሞክሮ ምስዳዱ ረሲዓ።

☒ ንምርያም ብዙሓት መወዳድርቲ ኣለዋ።

ምጽሓፍ

ሰነድ መመልከቲ ብኢ-ሜይል ክትሰዱ ኣለኩም። ናይ ኢ-ሜይል መሰነዩ ጽሑፍ ጽሓፉ። ከመይ ጌርኩም ኢ-ሜይል ክም እትጽሕፉ፣ ክልተ ኣማራጺ ኣብዚ ኣሎ:

☐ ዝኸበርክን ወይዘሮ ኩህን

ብተሌፎን ምሳን ንምዝራብ ጊዜ ስለ ዝሀብክናኒ፣ የመስግነክን ኣለኹ። ነቲ ናይ መመልከቲ ሰነዳት ክሰደልክን ከለኹ ታሕጓስ እዩ ዝስምዓኒ።

ካባኽን መልሲ ንኽመጸኒ፣ ብተስፋ እጽበ ኣለኹ።

ምስ ሕውነታዊ ሰላምታ

xxx

☐ ዝኸበርኩም ወይዛዝርትን መኢንንትን

ክፉት ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ክም ዘለኩም ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.berufsberatung.ch ረኺበ ክምኡ ድማ ነዚ ናይ መመልከቲ ሰነደይ ብታሕጓስ እሰደልኩም ኣለኹ። ምሳይ ብኣካል ምእንቲ ክትላለዩን ክምኡ ድማ ንቃለ መጠይቕ ንኽትዕድሙንን፣ ብታሕጓስ እጽበ ኣለኹ።

ምስ ሕውነታዊ ሰላምታ

xxx

እቲ ላዕለዋይ ዝሓሸ ኣማራጺ እዩ።

ማዕከን ቃላት

ነዘን ኣብ ታሕቲ ዘለዋ ጽምዲ ቃላት ርኣዩ።

ኣየኖት ቃላት ተመሳሳላይ ትርጉም ኣለወን? → a

ኣየኖት ቃላት ዝቃረን ትርጉም ኣለወን? → b

ኣየኖት ቃላት ዝተፈላለየ ትርጉም ኣለወን? → c

☐	ዕለታዊ	ልሙድ
☐	ሓቦ	ፍርሓት
☐	ዛሚር (ዑፍ)	ላርቸ (ገረብ)
☐	ቁም ነገር	መስሓቕ
☐	ድልዱል	ተዛራቢ
☐	ምቕልጣፍ	ምህዋኽ

a	ዕለታዊ	ልሙድ
b	ሓቦ	ፍርሓት
c	ዛሚር (ዑፍ)	ላርቸ (ገረብ)
b	ቁም ነገር	መስሓቕ
c	ድልዱል	ተዛራቢ
a	ምቕልጣፍ	ምህዋኽ

ምስ እቲ ኣብ ጸጋምይ ወገን ዘሎ ጽምዲ ቃላት ተዳራግነት ምእንቲ ክህልዎ፣ ኣብቲ የማናይ ወገን መስመር እንታይ ቃል ክኣቱ ኣለዎ?

እግሪ	ካልሲ	ክሳድ	_____
ባኒ	ሰንካቲ	ስጋ	_____
ሓሰር	ፈረስ	በንዚን	_____
ብሽክለታ	ቃጭል	መኪና ፖሊስ	_____
በናና	ፍሩታ	ካሮቲ	_____

እግሪ	ካልሲ	ክሳድ	ሻርፖ
ባኒ	ሰንካቲ	ስጋ	ሓራዳይ
ሓሰር	ፈረስ	በንዚን	መኪና
ብሽክለታ	ቃጭል	መኪና ፖሊስ	ሲረና
በናና	ፍሩታ	ካሮቲ	ኣሕምልቲ